# ወረ ሃብናኩም።

## ዘስደምም ፍሹል ፌስቲቫል ህግደፍ ኣብ ሎንዶን ዓባይ-ብርጣንያ።

ክሉ ከም ዝፈልጦ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ወርሓት ሰነን ሓምለን ዝጅምሮ ብስም ፌስቲቫል ዝጽዋዕ ሆሆን ዳንኬራን ኣብ መላእ ዓለም እናዞረ ብሕልና ኣልቦ ዝኾኑ ስሱዓ ት ስነ-ጥበባውያን ተሰንዩ ወሰን ኢሉ ዝምታን ዝርፊያን ካብ ዝተሓሓዞ ዓመታት ኣቑጺሩ ኢዩ። መቐጸልታ ናቱ ክኣ እንሆ ሎሚ ዘመን ኣብ ዞባ ኤውሮጳ ብከተማ ሎንዶን ዝጀመረ ዝምታ ከመይ ከም ዝነበረ ኣብቲ ውዕሎ ካብ ዝነበሩ ዜጋታት ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ጆባእ ንብለኩም።

ከም ቀደም ይመስለክን ውሕጅ ይወስደክን።

ጃንዳ ህግደፍ ኣቐዲሙ ዳምዳም ክብለሉ ዝቐነየ ፌስቲቫል ግዚኡ ኣኺሉ ካብ ዓርቢ ዕ ለት 03 ሓምለ ክሳብ 05 ሓምለ 2009 ዓ-ም ኣብ ዘሎ ጊዜ ከካይዶ ወጢኑ ብኡ መጠን ክኣ ዓርቢ ኣጋ ምሸት ጀሚሩ እኳ እንተተባህለ፣ ዝኣትወሎም ሰብ ብዘይ ምርካቦም፣ እቶም ዝርካቦም ምእንቲ ሕጻውንቲ ደቆም ክብሉ 25.00 ፓውንድ ከፊሎም ዝኣተዉ ወለዲ ቀንፈዞው ክብሉ ከም ዘምሰዩ ኣብ መወዳእታ ክኣ ብሰንኪ እኹል ሰብ ዘይምእታው ላህማም ምሸት ከም ዝሓደሩ እቶም ኣብቲ ሕድሮ ዝተረኸቡ ወሃብቲ ሓበሬታ ኣረጋጊጾም።

ንቐዳሙኸ?

ውዕሎ ዕለተ ቀዳም፡- ሎሚ ዘመን ኣይ ከም ቀደሞምን እቶም ናይ ህግደፍ መዳህርቲ እቲ ምንታይሲ፣ እቲ ቀደም “ ኣገድሲ ሰሚናር ብኣገሌ ዝተባህለ ላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ዝምራሕ” ብምባል ብዝቑጸልጽል ቃላት የዋዓውዑ ከም ዘይነበሩ ሎሚ ነቲ በየን ሰሊኹ ከምዝኣተወ ዘይፍለጥ ሓኽሊ ድሙ ዓብደላ ጃብር ብሕቡእ ቅድሚ ሰሙን ኣብ ሆሎወይ ሮድ ኣኼባ ናይ እሙናት ደቂ ውሻጠ ክም ዝገብር ድሕሪ ምግባር ኣብዚ ናይ ዕለት 04 ሓምለ 2009 ዓ-ም ክኣ ሰሚናር ከምዝገበረ መገብቲ ሓበሬታ ካብ ውሽጢ'ቲ ፌስቲቫል ኣረጋጊጾም። ተሳተፍቲ ሰሚናር ክኣ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ መብዛሕቲኤን ሕጻውንቲ ሒዘን ዝኣተዋ ኣዴታትን ቆልዑን ውሑዳት ክኣ ዓቕመ ኣዳም ዝበጽሑ ከም ዝነበሩ እቲ ሓበሬታ የረጋግጽ። ንትሕዝቶ ሰሚናር ዓብደላ ጃብር ዝምልከት ክኣ ብዝዓባ ተጻብኦታት ምዕራብ ዓለም ንኤርትራ ብሓፈሻ ብፍላይ ክኣ ተጻብኦታት ኣሜሪካን ሲ ኣይ ኤን ከምኡ'ውን እዚ ዝመበገሲኡ ናይ ቁጠባ ጸገምን ስእነት ናይ ወጻኢ ሸርፍን ካልእን ዝትሕዝትኡ መደረን ሰሚናርን ብምባል ክንገፍ ውዒሉ። ብድሕሪ'ዚ ምስ መጠንቀቕትኡ ውሑዳት ሕቶታት ኢና ነፍቅድ ብምባል እኳ ናይ ሕቶን መልስን ዕድል እንተፍቀዶ እቲ ህዝብስ ካብ ክሓቶ ዝኽእል በዳህቲ ሕቶታት ከይተቐጠበ ንዓብደላ ጃብር ከምዘዋጠሮ እቲ ዝመጽኣና ሓበሬታ የረጋግጽ ካብቲ ብዙሕ ውሑድ ንምጥቃስ፡-

* ሐደ ክብሪ ዝግብኦን ተስፋ ዘለዎን መንእሰይ ዝሓተቶ ሕቶ፡- “ ሃገርና ኤርትራ ነጻ ካብ ትኸውን ዓሰርተ ሸሞንተ ዓመታት ኣሕሊፋ'ላ እንተኾነ ክሳብ ሕጂ ካብተን ኣብ ዓ ለም ብዘይ ቅዋም ዝኾዳ ዘለዋ ሃገራት እንኮ ኢያ። ስለምንታይ ከምኡ ደኸውን ስለምንታይ ብሕጊ ዘይንግዛእ” ክብል ሓቲትዎ።

**መልሲ ዓብደላ ጃብር፥-** ብመጀመርታ ነቲ ሕቶ ብብድዐ ናይ ጸላእቲ ሕቶ ማለት ብኣገላልጽኡ ናይ ኣሜሪካን ሲ ኣይ ኤ፥ ምዕራባውያንን ወ...ወዘተ እናበለ ብምፍርራሕ ዝተሓወሶ ክምልሶ እንከሎ ንሱ ይብል "ንሕና ቅዋም ስለዘይብልና መንዩ ብሕጊ ኣይኻይድን ዝበለ? ንሕና ንዓና ከስርሓና ዝኽእል ሕጊ ኣለና ብኡ'ኺኣ ንሰርሕን ንመሓደርን ኣሎና ንኣሜሪካን ምዕራብ ዓለምን ከነክሕጉስ ኢልና ንገብሮ የለን ክብል ብድርቅና መሊሱ።

* ቀጺለን ሓንቲ ክብርቲ ሓርበኛዊት ወላዲት ዝሓተትኦ ሕቶ'ዩ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ። "ስለምንታይ ኢዩ መንግስቲ ንሕጻውንቲ መንእሰያት ሃየ! ሃዲምኩም እባ ኮብሊልኩም እናበለ ኣብ ፈቐዶ በረኻን ኣጻምእን ዝኣስሮም? ብድሕሪኡ ኸኣ ሓምሳ ሽሕ እንተዘይከፊልኩም ይብሃል እዚስ ሃየንታ'ዶ ይኮነን? ወለዲ ክኣ ክራገሙ ይውዕሉ'ለዉ"። ክብላ እንከለዋ፥ ተመሳሳሊ ሕቶ ብሓደ ስመይ እገለ ወዲ ኣገለ እብሃል ኢሉ ዝሓተተ ክኣ" እዚ ብወረወረ ዘይኮነ ብጭብጢ ኣነ ባዕለይ ዓዲ ከይደ ቀኒየ ብዓይነይ ዝረኣኽዎን ዘጋጠመንን'ዩ" ኢሉ ዝሓተቶ ሕቶ፥- "ኣብ ገጠራት ደቕኹም ሃዲሞም እናተባህለ ዝተኣስሩን ብሰበቡ ክኣ ዝሓርስዎ መሬቶም ዘይብሎም ዝተሓድጉን ንብረቶም ዝተወርሱን ኣጋጢሞሙኒ ስለምንታይ ኢዩ እዚ ኹሉ" ክብል ሓቲቱ።

**መልሲ ዓብደላ ጃብር፥-**
ሹመኛ ህግደፍ ኣብ ኣመላልስኡ ብዙሕ ግዜ ዝደጋግመን ከም ናይ ውሽጥን ወጻእን ጸላእትና፥ ምዕራባውያን ዓለም፥ መንግስቲ ኣሜሪካ፥ ሲ ኣይ ኤ....ወዘተ ዝኣመሰሉ መታሓፍስቲ ቃላት እናተጠቐመ ምምባሩ እናዘኻኸርኩ ብቐጥታ ነዘን ክልተ ኣብ ላዕሊ ዝቐረባ ሕቶታት ክምልሰን ከሎ ግን ድውስውስ ብምባል ብኸምዚ ዝስዕብ ጌሩ ክምልሰን ፈቲኑ። ንሱ ኣብ መልሱ " ንሕና ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ስጉምትታት ክንወስድ ዘገደደና ገለገለ ሃብታማት ብጉቦን ብላዕን ካብ ሃገራዊ ጉቡኣት ክሕብኡን ከምልጡን ንዝፍትኑ ንምቁጽጻር ዘተኣታተናዮ ኢዩ ነይሩ እዚ ክኣ ብዝተጸንዐ መንገዲ ኢዩ ነይሩ ሕጂ ግን ተሪፉ ኣዩ ክብል ከይሓፈረ ውጹእ ሓሶት ሓሲዩ።

*ብዛዕባ ቁጠባን ናህሪ ዕዳጋን ንዝቐረበሉ ሕቶ ክምልስ ከሎ፥-
**መልሲ ዓብደላ ጃብር፥-**
ወዮም እንዳ ጃህራ ድራሮም "ቁጠባና ጽቡቕ ኣሎ። ድኽነት ነበረ ያ ነበረ ክንገብሮ ኢና" ኢሎም ይፍክሩ ከም ዘይነበሩ ሎሚ ግን ብልሳን ሹመኛኦም ነቲ ሓቂ ከምዘለዎ ዳሕዲሖሞ። ንሱ ዓው ኢሉ "ብናይ ቁጠባ ጸገም ብፍላይ ክኣ ናይ ውጻኢ ሸርፊ ፍጹም ተሸጊርና ኣብ ሕማቕ ኩነታት ኢና ዘለና። ካብ መንግስቲ ኣሜሪካ ንረኽቦ ዝነበርና ሓገዝ ተዓጺዩና። እንተላይ ካብ ህዝብና ኣብ ኣሜሪካ ዝቕመጡ። ወላ'ውን ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ብተመሳሳሊ ንረኽቦ ዝነበርና ተጸንቂቑ። ከምኡ'ውን እተን ገለ ገለ ሃገራት ዓረብ ብዓቕመን ዝሕግዛና ዝነበራ ኣሜሪካን ሲ ኣይ ኤን ኢድክን እንተዘይ ኣኪብክን ስለዝበልወን ካብአን ንረኽቦ'ውን የለን። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ኣንዳሃለና ግን መንግስቲ ብጽንዓት ኻኹሉ ሕጽረታት ይገጥሞ'ሎ ይኹን'ምበር መንግስቲ በይኑ ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ሃገራዊ ዕማም ከወግዶ ስለዝይኽእል ናይ ህዝቢ ሱታፌ የድሊ'ሎ"። ክብል ነቲ ባዕሎም ዝፈጠርዎ ሃገራዊ ጸገምን ሽግርን ናብ ህዝቢ ክድርብዮ ፈቲኑ። ምስ እዚ ኣተኣሳሲሩ እቲ ሽግር ናብ ሃገራውያን ነጋዶ ኻኽጸግዮ'ውን "ነጋዶ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ብመንገዶም ረኺቦም ዝተፈላለዩ ኣድለይቲ ነገራት ኻኽቕርቡ ይፍትኑ ኢዮም። እቲ ቀረብ ግን ዝልከፍ ኣይኮነን።መንግስቲ'ውን ይፈልጥ'ዩ፥ ክቆጻጸሮም'ውን ምኽኣለ። እንተኾነ ህዝቢ መታን ከይጉዳእ ሸለል'ውን ንብሎ ኢና"። ብምባል ነንሓድሕዱ ዝዋቓዕ መልሲ ሂቡ መስደመም ኢዩ ነገራቱ።

ዓብደላ ጃብር ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ካብ ኣተኣታትውኡ ንዓዲ-እንግሊዝ ጀሚርካ ብሕቡእን ሰላሕታን ኮይኑ መደረ ሰሚናሩ ክኣ ጣቋ ዘይብሉ ካብቲ ኩሉ ህዝቢ ዝፈልጦ ናይ ውሽጦም ሽግራት ተሓቢኡ ምስ ህዝብና ንዛተ ኣለና ንምባል ያእዩ ከም ንደርሆ እተዘንግዓሉ ጥረምረ ፈይ እናበለ ንብዓት ሓርገጽ ክነብዕ ምፍታኑስ ነታ ዝጎደለት ቁርባ ባሽኡ ክመልእ ደልዩ ከምዝኾነ ኣኼበኛታትውን ኣይሰሓትዎን። ምኽንያቱ ድሕሪ'ቲ ኣኼባ ካብ ዝነበረ ዕላላት ብዛዕባ እቲ ሕቶታትን ኣመላልስኡን ከምዝተገንዘብናዮ ክብሉ እቶም ዝወዓሉ ሓቢሮም።

ዕለት ሰንበት፥-
ኣብዚ ዕለት እዚ ሓደ ዘገርም ተርእዮ ኢዩ ተፈጺሙ ተኸታተሉኒ፥- ኣብ ሓደ ኣብቲ ቦታ ዝርከብ ኣደራሽ ንዑ ምርኢት ኣሎ ተሳተፉ ብምባል ነቲ ዝርካቡ ቆልዓ ሰበይቲ ኣቐዲሞም ድሕሪ ምጽዋዕ ናብ'ታ ኣዳራሽ ኣእትዮም ብውሽጣ ረጊጦም ከመዮ “ዳስ ሓውያስ ዝእትው'ምበር ዝወጽእ ነይርኣና” ኮይኑ ነገራቱ ኣብ ውሽጢ'ቲ ኣዳራሽ ሃየ ንዑ ኩሉኹም በብኣድራሻኹም ሰሜንኩም ደቡብኩም ምብራቕኩም ምዕራብኩም ተፈለዩ ኢሎም ሎንዶን ኣብ ኣርባዕተ ማእዝን መቒሎም ብመጀመርታ መራሕትኹም ምረጹ ድሒሩ ክኣ ኣድራሻኹምን ስልኩኹምን ምልኡ ዝብል ቅጥዕታት ብምዕዳል ነቲ ኣኼበኛ ኣጨኒቖሙሉ ውዒሎም። እቲ ህዝቢ ግን ኣይሓመቐን ኩሉ ኣተናኦም ደስ ስለዘይበሎ ሎምስ ካን ብዓንደ ርእሱ ብግዲ ድዩ ኮይኑ ብምባል ብዘይካ ዉሑዳት ተገሪሆም ትኽክለኛ ኣድራሽኦም ዝሃቡ ኩሉ ኣድራሻኡን ስልኩን ኣጋግዩ ለዊጡ ኣብቲ ቅጥዒ ብምምላእ ካብቲ ከም ጥሪት ብሓይሊ ንምሉእ መዓልቲ ተዘኒበሙሉ ዝወዓሉ ናይ ህግድፍ መጻወድያ ኣማስይኡ ከም ዝተገላገለ እቲ ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

መደምደምታ ኦ! ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ዘለኻ፧ ብፍላይ ክኣ እቲ ቀንዲ ግዳይ ስቓይን መከራን ዝኾንካ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘለኻ፧ ግፍዕን ጭካነን ጃንዳ ህግደፍ ብኣካል ባዕልኻ ትኀስሞን ትስሕኖን ስለዘለኻ ብዛዕብኡ ኣይክዛረብን'የ። ይኹን'ምበር ህግደፍ ካብ ዝጥቀመሎም ሜላታት ሓደ ፈላሊኻ ግዛእ ስለዝኾነ በተን ናይ ሓሶት ማዕከናቱ ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ምስ መንግስቱ ኢዩ እነህለ ኣብ ዓ ዲ-እንግሊዝ እባ ጀርመን፧ ሽወደን'ባ ዓዲ ጣልያን እንተበለ ሓቂ ከምዘይኮነ ከረጋግጸልካ ኣፈትው። እዚ ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ፈንፊንዎም ኢዩ። እዚ ከምዚ ክብል ኮለኹ ግን ከምቲ ባዕልኻ'ውን እትዕዘቦ ዘለኻ እታ እንኮ ናይ ሓሶት መቃሊሒቶም ዝኾነት ቲቪ ኤሪ እተውርዮን እተርእዮን ውሑዳት ንመሬትካ ካብ ህግደፍ ብዶላር ዝተሻየጡ ስሱዓትን ህሩፋትን ተበለጽቲ፧ ህግደፍ ክሳብ ዘሎ ኣነ ምሻኻ ወለል እናበሉ ምስኡ ዘውደኽድኹ ከምዘለዉ ምዝካር የድሊ። እዚ ኸኣ ከም ንቡር ብምውሳድ ዕ ድመኦምን ዕድመ ጃንዳኦምን ንምሕጻር ሃየ! ኩልና ብውሽጥን ብደገን ሓይልና ኣወሃሂድና ክንቃለስ በዚ ኣጋጣሚ እጽውዕ።

ሓይልና ንምሽቱ'ዩ!
ክንዕወት ኢና
መኮነን ተኽለ
ሎንዶን 08 ሓምለ 2009።